ቤር

ኣብ ምዕባለ ደቅና ባህርያዊ ገስጋስ ምስዘይረአ



ቤር (BEAR)፡ ብመንጽር ማሕበራዊ ምትእስሳር፡ ዝርርብ፡ ጸወታን ተዓጻጻፍነትን፡ ፍልይ ዝበለ መስርሕ ምዕባለ ዘርእዩ ነኣሽቱ ህጻናት (ካብ 12 ክሳብ ኣስታት 36 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም) ንዘለውዎም ወለዲ ዝወሃብ ስልጠና እዩ።

ቤር፡ እዚ ኩነት እዚ ገና ብኣጋኡ እንከሎ፡ ህጻናትን ወለዶምን እናተዛናግዑ ጸገሞም ንኽፈትሑ ዓሊሙ ይንቀሳቐስ።

ኣብ እዋን ንጥፈታት ቤር እንታይ ኢኹም ክትመሃሩ?

ከም ወለዲ መጠን፡ ብዛዕባ መስርሕ ምዕባለ ደቅኹም ዝያዳ ግንዛበ ክትረኽቡ ኢኹም። ብፍላይ ብዛዕባ ህዋሳዊ መስርሕ፡ ጸወታ፡ ርክብ፡ ዝርርብ ድዩስ ተዓጻጻፍነታዊ ጠባይ ዝመጸ፡ ደቅኹም ምዕባለኣዊ ገስጋስ ንኽርእዩ እንታይ ክሕግዞም ከምዝኽእል ክትፈልጡ ኢኹም።

“ዕድመ ንቤር፡ ከመይ ጌርና ምስ ደቅና ከምእንዋሳእ ፈሊጥና”

ቤር፡ ብልክዕ እንታይ ዘጣመረ ንጥፈት እዩ?

ቤር፡ ብፍሉይ ዝሰልጠኑ ክኢላታት ስነ-ማዕዳ ዘካይድዎም ሸውዓተ ናይ ቤት ምብጻሓት፡ ሓበሬታ፡ ከምኡ`ውን ኣብ መተግበሪ (BEAR app) ዝካየዱ ልምምዳት የጠቓልል።

- **መተግበሪ ተሌፎን ቤር**

  ነኣብ`ዚ መተግበሪ፡ ሓበሬታን ኣብነታትን ክትግምግሙ፡ ምኽርታት ከተንብቡ፡ ከምኡ`ውን ልምምዳት ከተሰላስሉ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ቤር፡ ሰሙናዊ ኣበ`የኖት ክፋላት ናይ`ዚ መተግበሪ ክትነጥፉ ከምዝግባእ ክትዘራረቡ ኢኹም።

- **ሸውዓተ ናይ ቤት ምብጻሓት**

  ነነፍሲወከፎም ካብ 60 ክሳብ 90 ደቓይቕ ንዝሓት ዘለዎ፡ ሸውዓተ ክፍላተ-ግዜ ናይ ቤት ልዝብ፡ ብመገዲ ናይ ቤር ክኢላ ስነ-ማዕዳ ክስርዑ እዮም።

ናይ ቤት ምብጻሓት

ኣብ`ታ ፈላሚት ናይ ቤት ምብጻሕ፡ ምስ ናይ ቤር ክኢላ ስነ-ማዕዳ ክትራኸቡ ኢኹም። ብዛዕባ ቤር መብርሂ ክወሃበኩም፣ ብዛዕባ ዘለኩም ዘበለ ሕቶ ክትመያየጡን ምስ ደቅኹም ክትጻወቱን ኢኹም። ብሓንሳብ ኴንና፡ ብመሰረት ሕቶታትኩምን ክኢላ ስነ-ምኽሪ ኣብ እዋን ጸወታ ዝወስዶም ትዕዝብትታትን፡ ሸቶታት ናይ ፕሮግራም ቤር ክንሰርዕ ኢና።

ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ምብጻሕ ግዜ፡ እቲ ኣብ ዝስዕብ ቄጸራ ዝሰላሰል ንጥፈት መተግበሪ ተሌፎን ቤር እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ብሓባር ክንውሰን ኢና። ኣብ እዋን ናይ ቤት ምብጻሕ፡ ብዛዕባ`ዚ ካብ ናይ ቤር መተግበሪ ዝርከብ ሓበሬታ ምሳኻትኩም ክንመያየጥ ኢና። ነዚ ምስ ደቅኹም ብምጽዋት`ውን ክትለማመድዎ ኢኹም። ክሳብ ሸዑኡ፡ ክኢላ ስነ-ማዕዳ ናይ ቤር ምኽሪ ይህብ እዩ። ነዞም ናይ ልምምድ ክፍላተ-ግዜ ዝምልከቱ ሓጸርቲ ቪድዮታት ተዳልዮም ብሓባር ከምዝረኣዩ ክግበር ይከኣል`ዩ። እዚ፡ ኣብ ፈለማ፡ ቁሩብ ደስ ዘየብል ተመኩሮ ክኸውን ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ሳዕ ብዙሕ ግንዛበ ዝርከቦ እዩ።

እታ ናይ መወዳእታ ናይ ቤት ምብጻሕ፡ ንገምጋም ትምልከት እያ። ነቶም ብሓባር ዝሰራዕናዮም ሸቶታት፡ ምስ ናይ ቤር ክኢላ ስነ-ማዕዳ ብምኻን ክትግምግምዎም ኢኹም። ቤር ንዓኻትኩም ብቐዕ ምንባሩን ዘይምንባሩን፣ ወይ ተወሰኽቲ ስጉምትታት ኣድለይቲ ምንባሮምን ዘይምንባሮምን፣ ብሓንሳብ ኴንና ክንውሰን ኢና።

ምዝገባ

ኣብ ናይ ቤር ጥፈታት ንምስታፍ ዝግበር ምዝገባ፡ ብመገዲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ክሳለጥ ይኽእል እዩ፤ ንኣብነት፡ ብመገዲ ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ውሁድ ኣገልግሎት ክንክን ነኣሽቱ ህጻናት፡ ከምኡ`ውን ምስ ክሊኒክ ጥዕና ህጻናት፡ ከባብያዊ ምምሕዳር ከተማ ድዩስ ኮማውያን ጉጅለታት ዝነጥፉ ሓካይም ህጻናት።

ገንዘባዊ ወጻኢታት

ኣብ ቤር ንምስታፍ ብዝምልከት እትገብርዎ ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ወጻኢታት የልቦን።

ተወሳኺ ሓበሬታ

ንቤር ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡

ብኽበርትኩም ኣብ ዞባኹም ንዝነጥፉ ክኢላታት

ስነ-ማዕዳ ናይ ቤር ተወከሱ።

ስም፡-

ቍጽሪ ተሌፎን፡-

ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ፡-

“ዘድልዮ ዘበለ ሰብ ስልጠና ናይ ቤር ክወስድ ምደለኹ”